50 Lonsdale Street,
Melbourne Victoria 3000
GPO Box 4057, Melbourne Victoria 3001
DX 210081

**OFFICIAL**

ዝኸበርኩም ነበርቲ

ሆምስ ቪክቶርያ ብዛዕባ መደብ ምዕባለ እቲ ዓብዪ ህንጻት ኣባይትን ሰማይ ጠቀስ ህንጻ ዳግመ ህንጻትን ሓበሬታ ንምሃብ ይጽሕፍ ኣሎ።

ኣብዚ እዋን እቲ ዝስዕብ ደረጃ ኣብ 7 ሓደሽቲ ቦታታት ኣብ ምስራሕ ኣሎ። እዚ ሕጂ ኣብ 9 ወሰን ከተማ ንዝርከቡ ህሉውን መጻእን ተቐማጦ ዝበለጸ፡ ዉሑስ ከምኡ ድማ ኣዝዩ ምቹእ ኣባይቲ ንምድላው ንግስግስ ኣለና ማለት እዩ።

## ሎምዓንቲ እንታይ ተኣዊጁ ኣሎ፧

ሎምዓንቲ፣ ነቶም ተቐማጦ ብዛዕባ ዳግመ ምምዕባል ናይዞም ህንጻታት ተዛሪብናዮም፡

- ጎደና 25ን 27ን King/ኪንግ, Prahran/ፕራህራን
- ቀንዲ ጎደና 150 Victoria/ቪክቶርያ, Albert Park/ኣልበርት ፓርክ
- ጎደና 150 Inkerman/ኢንከርማን, St Kilda/ሴንት ኪልዳ
- ጎደና 159 Melrose/መልሮዝ, North Melbourne/ ኖርዝ መልበርን።
- ጎደና 29 Crown/ክራውን, Flemington/ፍሌሚንግተን
- ጎደና 94 Ormond/ኦርሞንድ, Kensington/ከንሲንግቶን

ምስቶም ኣብቲ ሓደስቲ ቦታታት ዝርከቡ ተቐማጦ ኣዘውቲርና ንራኸብ ኢና። **ካብ ሓምለ 2026 ክሳዕ ለካቲት 2028** ምስዞም ስድራ ቤታት ዝያዳ ዝሓሸን ኣባይቲ እንዳ ኣዳለና ናብ ምቹእ ቤት ንኽግዕዙ ንምሕጋዝ ብቐረባ ክንዓዪ ኢና።

## ናይ ምግዓዝ መደብኩም ምድጋፍ

**ኣብ ጎደና 139 ሃየት/Highett፣ 6 ከምኡውን 8 Anderson Court/ኣንደርሰን ኮርት፡ 1-5 7 ከምኡውን 9 Williams Court/ዊልያምስ ኮርት ከምኡውን 111 119 ከምኡውን 127 ጎደና Elizabeth Richmond**/ኤሊዛቤት ስትሪት ሪችሞንድ ዝርከባ ስድራቤታት ምግዓዝ ይቕጽሉ ኣለዉ።

ዳርጋ 85 ሚእታዊት ካብ ስድራ ቤታት ድሮ ግዒዞም ወይ ናብ ካልእ ቦታ ይግዕዙ ኣለዉ ኩላቶም ከኣ ክሳዕ ለካቲት 2026 ክግዕዙ ኣብ መንገዲ ኣለዉ።

## ኣብቲ መስርሕ ክንድግፈኩም

**ዝተወፈየ ጒጅለ ምግዓዝ ኣሎና፦** እዛ ጒጅለ እዚኣ ድሌታትካን ምርጫታትካን ንምርዳእ ምስ ተቐማጦ ብቐረባ ትዓዪ ኣላ። እዚ ሓበሬታ ነቲ ዘድልየካ ነገራት ዘማልእ ገዛ ንኽንረክብ ክሕግዘና ይኽእል እዩ።

**ምሰኻትኩም ክንራኸብ ኢና ኣብዚ ዘሎና፡-** ኣባል ስድራ ቤትካ ፈታዊኻ ወይ ኣማኻሪኻ ምሰና ኣብ እትገብሮ ዝኾነ ይኹን ኣኼባ ክትወስድ ትደሊ እንተ ኾይንካ ክትነግረና ትኽእል ኢኻ። ኣስተርጓሚ እውን ከነዳሉ ንኽእል ኢና።

**መሰላትካ ሓደ ዓይነት እዩ**፡- እቲ ዝገዓዝካዮ ገዛ ኣብ ትሕቲ ዓንቀጽ ሕጊ ክራይ ገዛ ሓደ ዓይነት መሰላትን ዕቑባን ክህልዎ እዩ።

**ናብ ካልእ ቦታ ንኽትግዕዝ ምሕጋዝ፥** ናይ ምውጻእ ሰራሕተኛታት ከነዳሉ፡ ከም ተሌፎን ኢንተርነትን ጶስጣን ዝኣመሰለ መራኸቢታት ከነዳልወሉ፡ ከምኡውን ምስ ኣገልግሎት ጥዕናን ደገፍን ከምትራኸብ ክንገብረካ ኢና።

**ደጊምካ ምምላስ፡-** እቲ ዳግመ ህንጻት ምስ ተወድአ ብመሰረት እቲ ቐጻሊ ብቕዓትካ፡ ድሌትካ፡ ምቹኡነት ሓደስቲ ኣባይቲ ተመርኲስካ ናብ ከባቢኻ ክትምለስ ትኽእል ኢኻ።

## ተራኸቡ

ብዛዕባ ናይ መንበሪ ድሌታትካን እቲ ንስድራ ቤትካ ዝሰማማዕ ክኸውን ዝኽእል ኩሉ ቦታታትን ምስ ናይ ምግዓዝ ሓላፊኻ ክትዘራረብ ነተባብዓካ።

ምስ ናይ ምግዓዝ ሓላፊኻ ብቐጥታ ክትራኸብ ወይ ከኣ ናብ ጉጅለ ምግዓዝ ኣብ relocationsteam@homes.vic.gov.au ኢ-መይል ክትልእኽ ትኽእል ኢኻ።

## ተወሳኺ ርኸብ

- ኣብ homes.vic.gov.au ብጻሕ
- ምስ ናይ ከባቢኻ ቤት ጽሕፈት ኣባይቲ ምዝርራብ
- ነቲ ዝተወፈየ ናይ ደገፍ መስመርና ብቑጽሪ 1800 716 866 ደውል

ብልቢ ናትኩም

**Simon Newport**
ዋና ፈጻሚ በዓል መዚ
ሆምስ ቪክቶርያ

28/01/2026